*ኣብ ፈስቲቫል ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ‘‘ንዲሞክራስያዊ ለውጢ‘ክትንበብ ተዳልያ ዕድል ዘይረኸበት ግጥሚ።*

*ንሕና ንዓመታት ክንተሃላለኽ‘‘ብህግደፍ ማሕዘል ኣዴታት ኤርትራ ይብተኽ‘‘ንባርነት ኣይወደቀትን እታ ዋዕሮ እቲ ጅግና‘‘ያኣክል ዘርከበ የርክብ‘‘*

*ንተቓውሞ ደንበ ክሐተኩም‘ካባይ ጀሚርኩም‘‘ኣዋሃሂድኩም ክትመርሑ ሐላፍነት ሂብናኩም‘‘እንታይዩ ሸግርኩም‘‘ን28 ዓመት ንጉጅለ ህግደፍ ምእላይ ሲኢንኩም።*

*ምስ መራሒ ሰውራ ሰዉእ ጅግና ሐምድ እድሪስ ዓዋተ‘‘ ዓዲ ኣሻሐት ሰማእታተ‘‘መጸዋዕታ ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራስያዊ ንለውጢ ንዘተ‘‘ክሳብ ማዓስ ብሉኡኻት ንድሕሪት ክንጉተተ‘‘ሕጂ ግርም‘‘ኤርትራዊ ቁዱስ ቅንኢ‘‘ ኣብ ባይታ ክኸውን መኸተ‘‘ናብ ልቡ‘‘ክምለስ ኣንፈቱ ዝሰሐተ‘‘ኣብ ሰፊሕ በዓል ፍራንክፈርት ብጉዳይና ክንዛተ;;*

*ኤርትራዊያን ሰብ ሕልና ሰሚዕኩም ዶ‘‘ካብ ዓዲ ሪሒቅና ክንሳሐላብ ብማዕዶ‘‘ሃገር ብዘይ ህዝቢ ትተርፍ ኣላ ባዶ‘ ዕላማ መራሒ ህግደፍ መንሸሮ‘‘ኪድ ኣይትበሎ ከምዝኸይድ ግበሮ‘‘ ንህግደፍ ብዘረባ ዲና ክንስዕሮ‘‘ሎምስ ንዘርባ ናብ ግብሪ ንቕይሮ‘ባይቶና ክኸውን ባይቶ ለውጢ‘‘ጸረ ማፍያዊ ጉጅለ ዝላ ንውሸጢ;;*

*ዝተቐደደ ክዳና ንለግብ‘ባይቶና ዓንቢቡ‘ንህዝቢ ክእክብ‘‘ ደለይቲ ፍትሒ ኣርክብ‘ ኣዲኣ ገዲፋስ ሐትንኣ ትንፍቕ‘‘ጌጋ እንዳራኣኻ ዶ ይበሃልዩ ሰቕ‘‘*

*ንኤርትራዊያን ናእሽቱ ዓበይቲ‘ታሪኽ ከይሐተና ሐንቲ መዓልቲ‘‘ህዝቢ ብህግደፍ እንዳ ተገፊፈ‘‘ብሐባር ሰራሕ ከሎ ዝቐልጠፈ‘ወይሉኡ ንጥርናፌና ዝኾለፈ;;*

*ብስኒት ክንዲ ዝውሰኑ‘ኣነ ኣነ መሊሱ ጊኑ‘‘ማፍያዊ ጉጅለ ቀሲኑ‘‘በትሪ ሐቂ ትቐጥን‘እንበር ኣይትሰበርን‘ኤርትራዊያን ክንሰስን‘‘ዘረባ ገዲፍና ንወስን‘‘ሽዑ ከከም እምነቱ‘‘ሸኽ ምስ ቁርኣኑ‘‘ኣብ መስጊዱ ክኣቱ‘ካህን ምስ ዳዊቱ‘ናብ ቤተ ክርስትያኑ‘ናብ ሰብከቱ።*

*ሽዑ ምስ ኀሮባብቲ‘‘ባይቶና ብሕጊ ክዝቲ‘‘ኤርትራ ክትከው ቀስንቲ‘‘ጀጋኑስ ሐሊፎም እንዳ በሉ ዘብዘብ‘‘እታ ዋዕሮ በዓልቲ ጋንበለ ጀብጀብ‘‘ግዜና ኣሕሊፍናዮ ካዕቦ ካዕቦ ክንዛረብ‘‘ቃልስና ንኢትዮጵያ ምስ ሰገረ‘‘ተባዕ ተሳኢኑ ጅግና በዓል ሰረ‘‘ዓመታት ኮይኑ ዶብ ከይተሰገረ።*

*ህዝቢ ኤርትራ ኣብ መንቀራቕሮ‘‘ካብ ጃንዳ ህግደፍ ሐራ ክንገብሮ‘ንቃልስና ብውሽጢ ህዝቢ ክጽንበሮ‘‘ምስ ጭፍሩኡ ነበረ ያ ነበረ ክንገብሮ‘ቃልስና ኣብ ባይታ ወሪድና ነተግብሮ;;*

*ማይ ዉዑይ ከለና ንሕሙም ፈሲ‘‘ቀይሕ ባሕሪ ከለና ምሔንበሲ‘‘ኣብ ሃገርና ክንተክል ዲሞክራሲ‘‘ብስኒት ንመርሽ ይትረፈና ባእሲ‘‘ኤርትራ ሃገርና ክትከውን ቀዋማዊት‘‘ ቃልስና ጸረ ጉጅለ ህግደፍ ኣራዊት‘‘ምስ ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ‘‘ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ንቕድሚት።*

*ዓወት ነቲ ደም ዝነብዕ ዘሎ ህዝቢ ኤርትራ;ክብርን ሞጎስን ንጀጋኑ ሰማእታትና፣ስዕረት ንጃንዳ ህግደፍን ዓንገልቶምን፣ ካብ ዉሽጡ ሑሩር ኣባል ተሐኤ በርሀ ዑቕባዝጊ ሃገር ጀርመን።*